## በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላክ!

## ባሕረ ሓሳብ ፡ ሓሳበ ዘመን 2011 ዓ.ም.

ቅድስት ቤተ ክርስቲያንና እትጥቀመሉ መቑጸሪ ዘመን፣ ባሕረ ሓሳብ ይበሃል፣ ባሕረ ሓሳብ ማለት ቊጽሪ ዘለዎ ዘመን፤ ናይ ዘመን ቊጽሪ፤ ሓሳብ ናይ ዘመን እዩ። ነዚ ዝቕመሮ ድማ መበል 12 ፓትርያርክ ኦርቶዶክስ ቤተ ክርስቲያን ግብጺ ኮይኑ ኣብ ሣልሳይ ክፍለ ዘመን ዝነበረ ሊቀ ጳጳሳት ቅዱስ ዲሜጥሮስ እዩ። ቅዱስ ዲሜጥሮስ መልኣኽ እግዚአብሔር ብዝገለጸሉ ካብ ለይቲ 23 ካብ መዓልቲ 7 ሱባዔ ኣትዩ ብመጥቅዕን ኣበቅቴን ዝቕመር ባሕረ ሓሳብ ኣዳለወ።

### 1) ዓመተ ዓለም

ዓመተ ዓለም፣- ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዓመት ምስ ድኅሪ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዘመን ተደሚሩ ዓመተ ዓለም ይበሃል።
ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዘመን፡- ዓመተ ፍዳ፣ ዘመነ ኵነኔ፣ ዘመነ ብሉይ ይበሃል። ጠቕላላ 5500 ዓመት እዩ።
ድኅሪ ልደተ ክርስቶስ ዘሎ ዘመን ድማ፡- ዓመተ ምሕረት፣ ዘመነ ሥጋዌ ይበሃል።
-> 5500 + 2011 = 7511

**2) መጠነ ራብዒት፡-** ብጽሒት ሓደ ወንጌላዊ ድማ ዓመተ ዓለም ንኣርባዕተ መቐልካ ዝርከብ ኮይኑ ናይ 7511 ከኣ 1877 እዩ።

**3) ዓመተ ወንጌላዊ** ንምርካብ ፣- ዓመተ ዓለም ንኣርባዕተ መቐልካ በቲ ተረፍ ትጽውዖ።

ዓመተ ዓለም ÷ 4

ተረፍ ፡ 1 እንተኾይኑ ማቴዎስ፤
2 እንተኾይኑ ማርቆስ
3 እንተኾይኑ ሉቃስ
0 እንተኾይኑ ዮሐንስ

3.1) ብዓመተ ዓለም፡ 7511 ÷ 4 = 1877
7508
3

3.2) ብዓመተ ምሕረት፡ 2011 ÷ 4 = 502
2008
3

**ስለዚ፣ ተረፍ 3 ስለዝኾነ ዘመነ ሉቃስ እዩ።**

**4) ርእሰ ዓውደ ዓመት** - ባሕቲ መስከረም መዓስ መዓልቲ ከምዚውዕል ንምፍላጥ፣- ጥንተ ቀመርን ጥንተ ዮንን ንጥቀም።
ዓመተ ዓለም + ብጽሒት ሓደ ወንጌላዊ ÷ 7

ተረፍ

4.1) ጥንተ ቀመር ፣- ነቲ ተረፍ ካብ ሠሉስ ሓደ ኢልካ ይቑጸር።
ንኣብነት፡ 1 - ሠሉስ፤ 2 - ረቡዕ፤ 3 - ኃሙስ፤ 4 - ዓርቢ፤ 5 - ቀዳም፤ 6 - ሰንበት፤ 7 - ሰኑይ
7511 + 1877 ÷ 7
9388 ÷ 7 = 1341
9387
1 -> ሠሉስ

4.2) ጥንተ ዖን ፥- አሐደ አእትት/ሓደ ኣጒድል ከምዝብል፣ ካብቲ ተረፍ ሓደ ኣጒዲልካ ካብ ረቡዕ ሓደ ኢልካ ይቖጸር።

1 - ረቡዕ፤ 2 - ኃሙስ፤ 3 - ዓርቢ፤ 4 - ቀዳም፤ 5 - ሰንበት፤ 6 - ሰኑይ፣ 7 - ሠሉስ

7511 + 1877 ÷ 7

9388 ÷ 7

9387 [1341]

1 -> አሐደ አእተት (ሓደ ኣጒድል) ፣ -> ሠሉስ

## 5) መደብ ወመንበር

መደብን ወንበርን ንአበቅቴን መጥቅዕን ኽንረክብ ዝሕግዙና እዮም።

5.1) መደብ:- ተረፍ ናይ ዘመን ኮይኑ መደብ ናይ ዘመን ንምግላጽ ይጠቅም።

ዓመተ ዓለም ÷ 19 ፤

---

ተረፍ - መደብ ዘመን ይብሃል።

ዓመተ ዓለም ÷ 532

---

ተረፍ - መደብ ዘመን ይብሃል።

7511 ÷ 19

7505 [395]

6 -> መደብ

**ስለዚ መደብ -> 6 እዩ።**

5.2) ወንበር፡

መደብ ዝጐደሎ 1 = ናይ ዘመን ወንበር ይብሃል።

መደብ - 1 = ወንበር

6 – 1 = 5

**ስለዚ ወንበር -> 5 እዩ።**

## 6) አበቅቴ ወመጥቅዕ

ብመንገዲ መንበር ንኣበቅቴ ምስ መጥቅዕ ንረክብ።

ወንበር x 11÷ 30

---

ተረፍ -> ኣበቅቴ

ወንበር x 19 ÷ 30

---

ተረፍ -> መጥቅዕ

6.1 ኣበቅቴ:- ካብ ቍጽሪ ዓመት ተረፍ ማለት እዩ። ምስ ሠርቀ መዓልትን ምስ ሕፀፀ ኣውራኅን ተደሚሩ ኣጽዋማትን በዓላትን ዚኃድሩሉ ለይቲ የመልክት።

ወንበር x 11÷ 30 =

5 x 11 ÷ 30

55 ÷ 30 (1)

30

25

**አበቅቴ -> 25**

6.2) መጥቅዕ፧- ነጋሪት ማለት እዩ። ሰብ ነጋሪት ሰሚዑ ከምዚእኩብ፡ መጥቅዕ ኣብ ዝተሰይመ ዕለት ድማ ሕዝቢ ኣጽዋማትን በዓላትን ኪሰምዕ ስለዚእኩብ እዩ።

ወንበር x 19 ÷ 30

ተረፍ -> መጥቅዕ

5 x 19 ÷ 30

95 ÷ 30 (3)

90

5

**ስለዚ መጥቅዕ -> 5 ስለዝኾነ በዓለ መጥቅዕ ሰኑይ 5 ጥቅምት ይውዕል።**

## 7) ተውሳኸ ዕለት:-

ካብቲ መጥቅዕ ዝወዓሎ መዓልቲ => ምሉእ 4ተ ወርኂ ወይ 120 ዕለታት ይቖጸር። ኣብ ርእሲኡ ሰኑይ ክሳዕ ዚርከብ 2 - 8 ዕለታት ይውሰኽ። እቲ ፈለማ ዚርከብ ሰኑይ - ጾመ ነነዌ እዩ።

ቀዳም -> 8 ፤ ሰንበት ->7 ፤ ሰኑይ -> 6 ፤ ሠሉስ -> 5 ፤ ረቡዕ -> 4 ፤ ኃሙስ -> 3፤ ዓርቢ ->2 ፤

* መጥቅዕ + ተውሳኸ ዕለት = መባጃ ሓመር

5 + 6 (ሰኑይ) = 11

**መባጃ ሐመር = 11**

**ስለዚ:- ጾመ ነነዌ 11 የካቲት ይውዕል።**

## 8) ኣጽዋማትን በዓላትን

ነነዌ = 11 የካቲት
ዓቢይ ጾም = 11 + 14 = 25 የካቲት
ደብረ ዘይት = 11 + 11 = 22 መጋቢት
ሆሳዕና = 11 + 2 = 13 ሚያዝያ
ስቕለት = 11 + 7 = 18 ሚያዝያ
ትንሣኤ = 11 + 9 = 20 ሚያዝያ
ርክበ ካህናት = 11 + 3 = 14 ግንቦት
ዕርገት = 11 + 18 = 29 ግንቦት
በዓለ 50 = 11 + 28 = 9 ሰኔ
ጾመ ሰነ = 11 + 29 = 10 ሰኔ
ጾመ ድኅነት = 11 + 1 = 12 ሰኔ

ለቡ፡- ናይ ዝመጽእ ዓመት 2012 ዓ.ም. ካብ ዓመተ ዓለም ክሳዕ ኣጽዋማትን በዓላትን ከተውፅኡ ፈጣሪ ኣዝማናት እግዚአብሔር ምስትውዓሉ ይግለጸልኩም !

ወስብሐት ለእግዚአብሔር ወለወላዲቱ ድንግል ወለመስቀሉ ክቡር!